# ሰላም

"We must be the change we wish to see." Gandhi




# ኣብ ግብጺ 8 ኤርትራውያን ተቐቲሎም፡ 4 ድማ ሃላዋቶም ኣይተረኽበን (ጉጅለ ሓማስ ተሓታቲ ተባሂሉ)

ብዙሓት ኣመንቲ ክርስትና ዝኾኑ ህዝብታትን ሃገራትን ዓለም፡ ብምኽንያት መዓልቲ ልደተ ክርስቶስን በዓላት ሓድሽ ዓመትን ብሰላም፡ ብሓጐስ ብፍቕርን እንዳ ኣብዓሉ እንከለዉ፡ ህዝቢ ኤርትራ ግና ብሰንኪ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ጨጃኒ ስርዕት ህግደፍ፡ ኣብ ማእሰርቲ፡ ሞት፡ ስደትን መከራን የሕልፍ ኣሎ። ማዕከናት ዜና ዓለም፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ስደት ረኺብዎ ዘሎ ሕሰም ይምስክሩ ኣለዋ።

ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ፡ 250 ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ኣብ ግብጺ ሲና ሒዙ የሳቕዮም ከምዘሎ ብዓርቢ ብ 31 ታሕሳስ ካብ እስራኤል ዝወጸ ሓበሬታ የረድእ።

ሓደ EveryOne ዝተባህለ ናይ ጣልያን ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰላት፡ ከምዝገለጾ፡ ናይ ግብጺ መንግስቲ ጣልቃ ኣትዩ፡ ሂወት ናይቶም 250 ኤርትራውያን ስደተኛታት ከድሕኖም ጻውዒት ኣቕሪቡ። እቶም ኤርትራውያን ብፍልስጤማውያን ዕጡቓት ጉጅለ ኣብ ሲና ኣብ መጀመርታ እዚ ወርሒ እዮም ተታሒዞም።

እቶም ኤርትራውያን፡ ካብ ግብጺ ናብ እስራኤል ኣብ ዝንዓዝሉ እዋን፡ ካብ ሲና ውጽእ ኢላ ኣብ ዶብ ጋዛ ትርከብ ራፋሕ ትባል ዓዲ እዮም ተታሒዞም። እቶም ከተርቲ ንሓደ ሰብ ከሳግሩ 2 ሽሕ ዶላር ከምዝኽፍሉን፡ እቶም ኤርትራውያን ግና ኣብ ሓደ መጻንሒ ቦታ ተወሲዶም፡ ብሕማቕ ኩነታት ተታሒዞም ከምዘለዉ ተገሊጹ ኣሎ።

እቲ ብ EveryOne ዝወጸ ሓበሬታ ከምዘረድኦ፡ 8 ኤርትራውያን ተቐቲሎም፡ 4 ድማ ሃላዋቶም ጠፊኦም ኣለዉ። ናቶም ስደተኛታት፡ ክፍሊ ኣካላት (organ) ንግዳዊ ስርሓት ውዒሉ ዝብል እምነት ከምዘሎ የርድእ። ኣብኡ ምስ ቁልዓኣ ዘላ ሓንቲ ኣደ ብተደጋጋሚ ከምተዓመጸትን ከምዝተገርፈትን ብዙሓት ካለኦት ድማ ርእሰ ቅትለት ከምዝሓሰቡን እቲ



ሓበሬታ ብተወሳኺ የረድእ።

ኣብ እስራኤል፡ ብዛዕባ ናብታ ሃገር ዝውሕዙ ዘለዉ ዘይሕጋውያን ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት፡ ርሱን ክትዓት ይካየድ ኣሎ። ኣብ እስራኤል ኣስታት 30,000 ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ኣለዉ። ኣብዚ መጀመርታ እዚ ወርሒ፡ እስራኤል ብዙሓት ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ናብ መበቆል ዓዶም ሰዲታቶም እያ። ናይታ ሃገር ተጣባቒቲ ሰብኣዊ መሰላት፡ ሂወት ስደተኛት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ እዩ ብዝብል ምኽንያት፡ ነቲ ናይ መበቆል ሃገሮም ናይ ምምላስ መስርሕ ዓጊተሞ ኣለው።

# ኤርትራ ንጋዜጠኛታት ኣሲራ ተሳቒ ከምዘላ ተገሊጹ



መሓመድ ከይታ

ኤርትራ ጋዜጠኛታት ብምእሳር፡ ኣብ ኣፍሪቃ ቀዳመይቲ፡ ኣብ ዓለም ድማ ሳልሰይቲ ሃገር ምዃና ተገሊጹ።

ነዚ ዝገለጸ፡ Committee to Protect Journalists (CPJ) ዝበሃል ንድሕነት ጋዜጠኛታት ዝቃለስ ዓለምለኻዊ ትካል እዩ። ኣብCPJ ሓላፊ ጉዳይ ኣፍሪካ ዝኾነ ኣቶ መሓመድ ከይታ ምስ ሬድዮ ቢ.ቢ.ሲ፡ ኣብ ዘካየዶ ቃል መጠይቕ፡ ኣብዛ ትውዳእ ዘላ ዓመት መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ፡ ኣብ ዓለም ዘለዉ ብዝሒ እሱራት ጋዜጠኛታት ኣብ ዝተቑጽረሉ እዋን ኤርትራ 17 ጋዜጠኛታት ብዝሽፍእ ኣገባብ ኣሲራ ብምህላዋ ድሕሪ ኢራንን ቻይናን ኣብ ዓለም ሳልሰይቲ ምኻና ተሓቢሩ።

" እቶም እሱራት ጋዜጠኛታት፡ ብዘይ ዝኾነ ፍርዲ ንዓሰርተ ዓመት ኣብ ሕቡእ ቦታታት ተዳጒኖም ኣለዉ። ምስ ስድራቤቶም ከይራኸቡ ተሓሪሞም ። ናይ ኤርትራ መንግስቲ፡ ብዛዕባ እዞም ጋዜጠኛታት ዝኾነ ይኹን ሓበሬታ ከይሃበ፡ ንነጻ ፕረስ ዓፊኑ ሒዝዎ ኣሎ።" ኢሉ መሓመድ ከይታ።

ከይታ ብተወሳኺ፡ ካብቶም ተኣሲሮም ዘለዉ ኤርትራውያን ጋዜጠኛታት፡ ብሰንኪ ሕሱም ኣተሓሕዛ፡ ኣርባዕተ ሞይቶም ዝብል ዘይተረጋገጸ ሓበሬታ ከምዘሎ ገሊጹ። CPJ፡ ነቲ ሓበሬታ ንምርግጋጽን፡ እዚ ቁጸራ ናይ 2010 ብምውጻእ፡ መንግሲ ኤርትራ ብሂወት ናይቶም ተኣሲሮም ዘለዉ ጋዜጠኛታት ተሓታቲ ንምግባር እዩ።

ኣብ ዓለም 145 ጋዜጠኛታት ተኣሲሮም ኣለዉ። ኣብቲ ብ CPJ ዝወጸ ናይ ሎሚ ዓመት ቁጽራሓበሬታ፡ ኢራን 34፡ ቻይና 34፡ ኤርትራ 17፡ በርማ 13፡ ዩዝበኪሳትን ድማ 6 ጋዜጠኛታት ብምእሳር ካብ ሓደ ክሳብ ሓምሽተ ተዘርዚረን ኣልዋ።

# ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ወሳኒ ኢዩ

ኣብ ዓመተ 2010፡ ኣብ ናይ ሃገርና ናይተቓውሞ ፖለቲካ፡ ካብ ዝተመዝገቡ ዓበይቲ ፍጻሜታት ሓደ፡ እቲ ብሃገራዊ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ ዋዕላ እዩ። እቲ ካብ 31 ሓምለ ክሳብ 9 ነሓሰ 2010 ዝተኻየደ ዋዕላ፡ ቅድሚ ሕጂ ካብ ዝተኻየዱ ዋዕላታት፡ ብዝሒ ውክልና ናይ ብሄራትን ውልቀ ሰባትን ዝተረእየሉ ዋዕላ እዩ ነይሩ። ኣብቲ ዋዕላ ዝተመዘዘ፡ ሃገራዊ ኮሚሽን ንዲሞራስያዊ ለውጢ፡ ድሌትን ቅንዕናን እንተ ድኣ ሃልይዎ፡ ነዚ ህሉው ፖለቲካዊ ሃዋሁው፡ ናብ ደምሳሲ ህዝባዊ ማዕበል ከበርኹን፡ ህዝቢ ሓርነቱ ንኽዓትር ዘኽእሎ ዕላማን ራኢን ከጨብጦ ይኽእል እዩ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ካብ ኩለን ተቃወምቲ ውድባት፡ ብጥርኑፍ ኰነ ብተናጸል፡ ዋላ ካብቲ ኣብ ኤርትራ ብኢደወነኑ ንህዝቢ ብናይ ባርነት ኣርዑት ቁሪንዎ ዘሎ ስርዓት ህግደፍ፡ ዝላዓለ ህዝባዊ ውክልና ዘለዎ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ እዩ። ( ብዉሑዱ፡ ዋዕለኛታት ብዝኣመንሉ ነጻን ርትዓዊን መረጻ ኣካይዱ 53 ዝኣባላቱ ኰሚሽን ኣቘሙ። ውሱን ዕላማን ግዜን ኣንቢሩ ድማ ይንቀሳቐስ ኣሎ።) በዚ ምኽንያት፡ ስርዓት ህግደፍ፡ ካብ ስልጣን ንኽዕሎ፡ ህዝቢ ሓራ ንኽወጽእን፡ ኤርትራ ናብ ዲሞክራሲ ንምልዋጥ፡ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ፖለቲካዊ ቃልሲ፡ ሃገራዊ ኮሚሽን፡ ግዝያዊ ዓቢ ሓልፍነትን ስልጣንን ኣለዎ።

በዚ ምኽንያት፡ ኰሚሽን፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ምእንቲ ህዝቢን ሃገርን ደው ክብል ሓላፍነት ኣለዎ።  እቲ ኰሚሽን ነዚ ተረዲኡ፡ ብፍላይ ከኣ፡ ህዝቢ መዓልታዊ፡ ኣብ ናይ ሞትን ሂወትን እዋን ከምዘሎ፡ ሃገር ድማ ሓደጋ ኣንጸላሊዋ ከምዘሎ እንዳጠመተ ክጽዕት ይግባእ። ኰሚሽን፡ ኣምባሳደር ናይ ህዝቢን ሃገርን ድኣ እምበር፡ ኣምበሳደር ናይ ሓንቲ ውድብ ወይ ኪዳን ክኸውን ኣይግባእን። ኑቲ ብውሑዳት ዜጋታት ዝተዋህቦ፡ ህዝባዊ ሓላፍነትን ኣመኔታን፡ ናብ ህዝባዊን ሃገራዊን ረብሓን ከውዕሎ ይግባእ።

ኰሙሽን፡ ብቐዳምነት ከረጋገጾ ካብ ዘለዎ ሃገራዊ ረብሓታት ሓደ፡ ናይ ህዝቢ ሓድነት ምዕቃብን ምኹስኳስን እዩ። ኣብቲ ንመሰል ርእሰ ውሳኔ ዝተኻየደ ቃልሲ፡ ብዘይ ሓድነት ህዝቢ፡ ነጻነት ክውን ኣምበይ ምኾነን ነይሩ። ብኣንጻሩ፡ ተቓወምቲ ውድባት፡ ሓድነተን እተሪረን፡ ዓቕምታተን እዋሃሂደን፡ ነዚ ህዝቢ ዘሳቒን ሃገር ዘብርስን ዘሎ ውልቀ መላኺ ኢሰይያስ ኣፈውርቂ፡ እንተ ዝቃለሰኦ፡ ህዝብና ሕጂ ዘለዎ ክውንነት መልክዑ ምቐየረ ነይሩ። ሓድነት፡ ንሓደ ሓይሊን ስልጣንን መንግስትነትን ዘቋምት ውድብ፡ ግንባር ወይ መንግስቲ ጥራይ ዘይኰነ፡ ንሓንቲ ስድራቤትውን ናይ ሞትን ሕየትን ጉዳይ ምዃኑ፡ ሰብ ዘይኰነ ባዕሉ እግዝኣብሄር "…ንሓድሕዳ እተፈላለየት፡ ኹላ መንግስቲ ትዓኑ፡ ንሓድሕዳ እንተፈላለየት ኹላ ከተማ ወይስ ቤት ድማ ኣይትነብርን እያ።" ክብል ኣብ ማቲዎስ ምዕራፍ 12 ጥቕሲ 25 ይዛረበና። ስለዚ፡ ኰሙሽን፡ ዘካይዶ ጉባኤ ይኹን፡ ዘዳልዎም ሰነዳት፡ ናይ ህዝቢን ሃገርን ሓድነት፡ ድሕነትን ረብሓን ዘቐድምን ዘውሕስን ክኸውን ኣለዎ።

እቲ ተመዲቡ ዘሎ ጉባኤን ዝካየድ ዘሎ ፖለቲካዊ ቃልሲን፡ ብዘይ ተሳትፎ  ናይ ኹሉ ተቓዋሚ ሓፋሽ ህዝቢን ውድባትን፡ ክዕወት ከቶ ኣይክእል እዩ። ኰሚሽን በዚ ሓሳብ እዚ ገዛእ ርእሱ ከእምን ጥራይ ዘይኰነ፡ ብግብሪ ክዓየሉ ንትስፎ። ኰሙሽን፡  ህዝቢ ስልጣን ዘይሃቦን ዘይኣዘዞን ጉዳይ ክፍጽም የብሉን። ንውድባት ኣብ ነንሕድሕደን ኰንንጸንን ክፈላልየንን ዝጸንሐን ዘሎን ኣብ ፖለቲካዊ ቻርተራተን ኣስፈረነኦ ዘለዋ ጉዳያት ከጽንየን ብቐዳምነት መፍትሒ ከናድየሉን ኣለዎ። ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝቢ፡ ድሕሪ ሰላምን ራህዋን፡ ሓሳብ ክህበሉን፡ ድምጹ ከስምዓሉን ብመንገዲ ወከልቱ ኣቢሉ ክውስኖ ዘለዎ ጉዳያት ምልላዮምን ምኽባሮምን ኣገዳሲ እዩ። ምናልባት ንጉዳይ ቁዋም፡ መሬት፡ መሰል ብሄራት ክሳብ ምግንጻል፡ ዝኣመሰልዎም ጉዳያት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እቲ ቀንዲን ኣገዳስን ነጥብ ከኣ፡ ኰሚሽን ብቐዳምነት ከሻቕሎ ዝግባእ፡ ራህዋ ምስ መጸ፡ ( ብኸመይ ይመጽእ ኣብ ዘይፍለጠሉ እዋን) ህዝቢ ብኸመይ ይመሓደር ጥራይ ዘይኰኑስ፡ ብቐዳምነት ብኸመይ ህዝቢ ካብ መንጋጋ ውልቀ መላኺ ኢሰይያስ ኣፈወርቂ ይድሕንን ይሕረርን፡ ብልሓት ክምህዝን፡ ክእምምን፡ መንገዲ ክሕብርን ይግብኦ።

ኰሙሽን፡ ተሰኪምዎ ዘሎ ህዝባዊ ሓላፍነት ብዝበለጸ ንክዋጻእ ክሕግዝዎ ዝኽእሉ ተወሰኽቲ ሓሳባ እንተሎ፡ ኣባላቱ ምስ ካለኡት ተቓወምቲ ዘለዎም ውልቃዊ፡ ጉጅለኣዊን ውድባዊን ጽልኢ ብእዋኑ ክኣልዮም ክጽዕር ኣለዎ። ኰሙሽነራት፡ ኣብ ውድቦም ከለዉ ምስ ናይ ካለኡት ውድባት ኣባላት ዝነበሮም ጽልእን ቅርሕንትን ሒዘሞ ክንዕዙን በጨቕ ከብሉን ክትሰምዕ፡ እቲ ቃልሲ፡ ወጮ እንተ ገልበጥካዮስ ወጮ ከይከውን የሰክፍ እዩ። ብዘይካዚ፡ ኰሚሽን፡ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ምስኡ ብዝደናገጹ ሰባት ጉጅለታት ምቛም ጥራይ ከይተሓጽረ፡ ኣብቲ ዋዕላ ዘይተሳተፉ ተቓወምቲ ውድባትውን ከይተረፉ ዝሳተፍሉ ክፉት መጸዋዕታን መድረኽን እንተ ዝገብር ጽቡቕ እዩ። ናብ ሓፋሽ ህዝቢ ዘለዎ ተሓታትነትን ደሞክራስያውነትን ብምሳሌ ከመስክር ጥራይ ዘይኰነ፡ ተአበጊስሉ ዕላማ ስለ ዝኰነ።

እቲ ኲይኑ እቲ ግና፡ ጉዳይ ህዝቢን ሃገርን፡ ንሓደ ውድብ ወይ መንግስቲ ጥራይ ዝግደፍ ከምዘይኰነ ህዝቢ ኣጸቢቑ ይፈልጥ እዩ።  ቀዋሚ ህዝቢ እምበር ቀዋሚ መንግስቲ ከምዘየልቦ ፈጺሙ ኣይስሕቶን እዩ። ነገስታት ከም ዝሸየሙን ከምዝሳዓሩን እኹል ተመክሮ ኣለዎ። ትማሊ ትማሊ፡ ብሉጻት ቀያሕቲ ከፊሎ፡ ቅያ ሰሪሑ፡ ነጻነቱን ሃገሩን ዝጨበጠ ህዝቢ ምዃኑ ምዝካር ኣየድልዮን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብዚ ሎሚ ዘሎ ፖለቲካዊ መድረኽ ብሓይሊ ተሳቲፉ፡ ግዴትኡን ሓላፍነቱን ተዋጺኡ፡ ጉዳዩ ሃገሩን መጻኢ ዕድሉን ባዕሉ ክውስን እንተ ዘይኪኢሉ፡ ግና ዝሕሾ ብኻለኦት ክውሰን ዘለዎ ዕድል ሪሒብ ምኻኑ ክንእምት ንፈቱ። እግዝኣብሄር ንህዝብና ሰላምን ራህዋን የውርደሉ። ርሑስ በዓል ልደት ክርስቶስን ሓድሽ ዓመት 2011'ን ይግበረልኩም። ኣሜን።

> "Peace is not the product of terror or fear. Peace is not the silence of cemeteries. Peace is not the silent result of violent repression. Peace is the generous, tranquil contribution of all to the good of all. Peace is dynamism. Peace is generosity. It is right and it is duty."  Oscar Romero.

SOLO CAKES & COOKIES CAFE

ኣዳለውቲ፡ ኪሮስ ዮውሃንስን ቴድሮስ መንግስቱን። ቁ.ስ. 832-455-0540

Email: mnghst_tdrs@yahoo.com

# ኹሉ ብዛዕባ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ

ኣብ ዝሓለፈ ሓታምና፡ ምስ ኣባላት ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ኤርትራ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ቃለ መጠይቕ ኣካይድና ሒዝናልኩም ክንቀርብ ምዃና ቃል ኣቲና ነይርና። ሓሳብ ልብና ሰሚሩ፡ ምስ ዳኔኤል ተወልደ፡ ሓላፊ ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን ከምኡውን ወሃቢ ቃል ናይ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዘካየድናዮ ቃለ መጠይቕ ቀዳማይ ክፋል ንሎሚ ሒዝናልኩም ቀሪብና ኣሎና። ንዳኔኤል ስለቲ ዝሃበና ሓበሬታ ብስም ኣንበብቲ ብዙሕ ነመስግኖ።



***ሰላም፥*** ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ኣበይን ከመይን ተመስሪቱ?

***ዳኔኤል፥*** ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ኣብቲ ካብ 31 ሓምለ 2010 ክሳብ 09 ነሓሰ 2010 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተጋብአ ዕውት ሃገራዊ ዋዕላ ዝተመዘዘ ኣካል'ዩ። እዚ ካብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ካብ ኪዳን ወጻኢ ዝርከቡ ፖለቲካዊ ሓይልታት፡ በርጌሳዊ ማሕበራት፡ ደቂ-ኣንስትዮ፡ መንእሰያት፡ ስደተኛታት፡ ገዳይም ሓርበኛታትን ጉድሳት ውልቐ ሰባትን ዝተመስረተ ብ53 ኣባላት ዝቖመ ኣካል እዩ።

***ሰላም፥*** ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ብ53 ኣባላት ክቐውም ተወሲኑ ከብቕዕ ክሳብ'ዚ ዕለት'ዚ ግን ክልተ ኣባላት ጐዲሎም ኣለዉ ስለምንታይ?

***ዳኒኤል፥*** ብርግጽ ዋዕላ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ብ53 ኣባላት ክቐውም ወሲኑ ከብቕዕ ንሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝተሓዝአ ክልተ ቁጽሪ ክሳብ ሕጂ ኣይተማልአን ዘሎ። ሰልፊ ደሞክራስያዊ ህዝቢ ኤርትራ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ክሳተፍ ፍቓደኛ ኣይኰነን። ንውጽኢት ናይቲ ዋዕላ ማለት ንኰሚሽን ኣይተቐበሎን ዘሎ። ኰሚሽን፡ ሰልፊ ህዝቢ ይኹን ካለኦት ኣብ ዋዓላ ዘይተሳተፉ ኣካላት፡ ኰታስ ለውጢ ዝብህግ ህዝብና ኣብቲ ዝመጽእ ሃገራዊ ጉባኤ ዝሳተፈሉ መንገዲ ንምጥጣሕ ክንገብር እዩ።

***ሰላም፥*** ኰሚሽን፡ ብተቓወምቲ ውድባትን ኣባላት ኪዳንን ዝተዓብለለ ኣካል ምዃኑ ንዝቐርብ ሓሳባት መልስኹም እንታይ'ዩ?

***ዳኔኤል፥*** ኤርትራዊ ሃገራዊ ከሚሽን ብ53 ኣባላት ዝቖመ ኣካል ምዃኑ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ እዩ። ካብዚ ቁጽሪ'ዚ ብጽሒት ኪዳን 22 ጥራይ'ዩ። እቲ ዝተረፈ 31 እጃም ካብ ኪዳን ወጻኢ ዝርከቡ ፖለቲካዊ ውድባት፡ በርጌሳዊ ማሕበራት፡ ደቂ-ኣንስትዮ፡ መንእሰያት ሰደተኛታት፡ ገዳይም ሓርበኛታትን ኣገደስቲ ውልቐ ስባት እዮም። ካብዚ ወጻኢ ኣብ ባይታ ብግብሪ ክድህሰስ ዝኽእል ክውንነት ዘየልቦ ክነሱ ብዙሕ ስክፍታታት ምሕዳር ዘድሊ ኣይመስለንን።

***ሰላም፥*** ናብ ጉዳይ ሰልፊ ህዝቢ ክመልሰካ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ነቶም ዝጎደሉ ኣባላት ንምምላእ ምስ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘካየዶ ዝርርብ ወይ ልዝባት ኣሎ'ዶ?

***ዳኒኤል፥*** ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ክሳብ'ዚ ዕለት'ዚ ምስ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘካየዶ ዝርርብ ወይ ልዝባት የልቦን። ምኽንያቱ ድማ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከም ሓደ ጥሙር ጽላል፡ ኣብ ኤርትራዊ ሃገራዊ ከሚሽን ክንድ'ዚ ብጽሒት ይግብኣኒ ብምባል ንዋዕላ ምቕራቡ ዝፍለጥ'ዩ። በዚ መሰረት ከኣ ዋዕላ ንኪዳን ከምሓደ ጥሙር ጽላል እቲ ዝግባእ ብጽሒቱ ሂቡዎ እዩ። ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ኣባል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ምዃኑ ዝዝንጋዕ ኣይኮነን። እምበኣርከስ ኪዳን ብቀዳምነት ከም ሓደ ጥሙር ጽላል ብጽሒቱ ኣማሊኡ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ክህብ ይግባእ። ብድሕሪ ምዝዛም ሃገራዊ ዋዕላ ንሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝተሓዝአ ኣባልነት ብዝምልከት ጉዳይ፡ ብኪዳን ደረጃ ተታሒዙ ዝርርብ ይካየደሉ ምህላዉ ኤርትራዊ ሃገራዊ ከሚሽን ዝተማልአ ሓበሬታ ኣለዎ'ዩ። እዚ ኣብ ሓደ ንጹር መደምደምታ ከይበጽሐ ከሎ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ከሚሽን ብጎኒ ዘሊሉ ብምእታው፡ ክዘራረብን ክላዘብን ዝግደደሉ ምክንያት የልቦን። ኪዳን ኩሉ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታት ከይሰመረ ምስ ዝተርፍን ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ንጹር ሓበሬታ ምስ ረኸበን ምስቲ ከምኡ ተመሳሳሊ ዝኾነ ጉዳያት ከመይ ክሕዞ'ዩ ሽዑ ዝርአ ጉዳይ እዩ።

***ሰላም፥*** ኰሚሽን ነቲ ኣብ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ተፈጢሩ ዘሎ ዘይምቕዳው ብኸመይ ይርእዮን ክኣልዮን እዩ?

***ዳኒኤል፥*** ብቀዳምነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን በቲ ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ተፈጢሩ ዘሎ ፍልልይ ሕጉስ ከምዘይኰነ ክገልጽ ይፈቱ። ክሳብ'ዚ ዕለት'ዚ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ብኣባልነት ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘጽለለ ፖለቲካዊ ውድብ ክሳብ ዝኾነ፡ ብርግጽ ነቲ ክካየድ ዝጸንሐ ገለ ጻዕርታት ብዝበለጸ ክወሳሰብ ክገብሮ ምዃኑ ዘይሰሓት'ኳ እንተኾነ፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ግን መጀመርያ ብኪዳን ደረጃ መዕለቢ ክግበረሉ ንትስፎ።

***ሰላም፥*** ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሕብረተሰብና፡ ብፍላይ ብሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዛዕባ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ብዝምልከት ዝቐርብ ነቐፌታ፡ ስለምንታይ'ዩ ግብረ መልሲ ዘይትህቡሉ?

***ዳኒኤል፥*** ቅድሚ ኩሉ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ከነጽሮ ዝደሊ ነጥቢ ምስ ዝህሉ፡ ምስ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ምስ ዝኾነ ይኹን ኣካል ክሳብ'ዚ ዕለት'ዚ ንሱ ዝፈልጦን

ናብ ገጽ 5 ይቕጽል



# INDIVIDUAL DEVELOPMENT ACCOUNTS (IDA) IS CONTRIBUTING TO ECONOMICALLY CHALLENGED STUDENTS



HOUSTON - Awet Zewde, used to work in ministry of land, water and environment in his native country Eritrea after he graduated in agricultural science from the University of Asmara, Eritrea in 2000.

Eight years, in 2008, when Awet first arrived into the United States of America, he had to begun college again, because he could not get a job related to his educational background. First, he found a job in St. Lukes Episcopal Hospital in Sugar Land, in order to get food to eat, a roof over his head and continue his education where he is now enrolled at the University of Houston College of Engineering, Department of Chemical and Bimolecular Engineering

Thanks to the Individual Development Accounts (IDA) program, the Alliance or Multicultural Community Services helped Awet. “The IDA program helped me to cover my tuition fee for this semester, I really appreciated the support because it gave me relief to save money for the coming semester.”

The Individual Development Accounts (IDA) program are a matched saving program that helps low-to-moderate income families and individuals in the Houston metropolitan area establish patterns of regular savings with a goal of purchasing an asset of value. An asset of value is likely to return substantial benefits to its owner. These benefits are stability, security and opportunities for increased income.

The IDA participants may use their savings and match money towards any of three assets of value: a home, small business or a post-secondary education. Participants’ deposits are held at US Credit Union and are matched using Federal grant funds. All participants also receive one day financial education class and counseling.

At the Alliance Multicultural Services, 6440 Hillcroft, Suite 411, Houston, TX 77081, pictures of individuals and families who participated in the IDA program are posted at the IDA program manager’s office. Habtom leake (did not want to mention his real name) is one of them. He and his family of five participated in the match savings program that allowed his family to purchase their first home. The family participated with the IDA program at the beginning of this year and saved two thousands dollars in six months and the program assisted them with four thousands dollars to buy their first home. “We invested the four thousands dollars when we bought our house last July, and our monthly mortgage payment dropped unbelievably. It also had a positive impact on our credit and lowering our principal and other payments. It really made a huge difference in our household income.”

The person behind this program at the Alliance Multicultural Services is a 72 year old woman, Miss Ferol, Beer. She has worked with the program since it started in 1999. “I'm sure I wouldn't be here if I didn't really, and really enjoy my job.” Said Miss Ferol and continues, “it is always rewarding to see somebody moving into their house, see them getting a degree, see them complete their first semester of school. Here they come to me for another check for their next semester; they even start their own business, it is very rewarding job and I love it.” She said.

Based on the information from Miss Ferol, there are 364 persons actively enrolled in IDA a program at the Alliance for Multicultural Community Services this year, and 29 of them are students. There are also two other agencies in Houston that are doing IDA programs: the Cabinet Capital and Gulf Coast Community Services.

For example, to participate in the program you need to go to the Alliance website (www.allinaceontheweb.org), and it will show you the income limit and all the documents that are needed including income guidelines provided by the U.S. government. Most required documents besides social security or picture ID of some sort, and your most resent one month



paycheck stubs. They also need to take a look at your budget and go over in detail and see what you are comfortable saving on monthly basis.

If you are a single person and save one thousand, you will receive a match of two thousand. And if you are more than one in a house hold you can save two thousand and receive four thousand.

One of the bonuses of the program in this time of the year is you can use all or a part of your tax refund to deposit into the IDA account. But they do want to see a monthly deposit to your special IDA savings account for several months. And of course they want to see also that you are enrolled at your school and your degree plan.

Usually with the education segment of the program, it happens three, four withdrawals and depends where you are receiving your degree. For example, if you going to Houston Community College now and that money carries over when you enroll at the University of Houston or Rice University or somewhere else. Awet did the same with the IDA four thousand dollars when he transferred from Houston Community College to University of Houston last semester where he is majoring in chemical engineering.

Awet is dreaming now to be an entrepreneur in chemical and drug manufacturing business and live the American dream after he receives his degree in 2012.



ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ ሃገራዊ ዋዕላ ዝተሳተፉ ኤርትራውያን

ካብ ገጽ 3 ዝቐጸለ

ዝፈጠሮን ግርጭት ከምዘይልቦ፡ በዚ ኣጋጣሚ ንመላእ ህዝብን ሓይልታት ደሞክራሲያዊ ለውጥን ክንሕብር ንፈቱ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ኲሚሽን ኣብ ስደት ንዝርከብ ህዝብናን ካብ መብዛሕትኡን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ብዝተወከሉ ኣካላት ዝቘመ፡ ዓቢ ሃገራዊ ዕማም ንምዕዋት እምነት ዝተነበረሉ ኣካል ክሳብ ዝኾነ፡ ኣብ ልዕሊኡ ዝካየድ ዝኾነ ይኹን ኣሉታዊ ተበግሶ፡ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ንዕድመ ስርዓት ህግደፍ ዘናውሕን ስለ ዝኾነ፡ ንነገራት ብትዕግስቲ ምሓዞም ይመርጽ። ዘሰሓሕብ ጉዳይ እንተ ሃልዩ ድማ፡ ንጹህ ልቢ፡ ብዘተን፡ ምርድዳእን መፍትሒ ክረኽበሉ ዘይክእል ጉዳያት ከምዘየልቦ ብጽንዓት ይኣምን።

*ሰላም፡* ኣብ ዋዕላ ንዘይተሳተፉ ፖሎቲካዊ ውድባትን በርጌሳዊ ማሕበራትን ብኸመይ ክሳተፉ እዮም?

*ዳኒኤል፡* ኤርትራዊ ሃገራዊ ኲሚሽን ከም ቀዳማይ ስጉምቲ ዝወስዶ ሃገራዊ ጉባኤ ሓባራዊ ሃገራዊ ዋኒንን ዕማምን ምዃኑ ብእምነት ምሓዝ'ዩ። ኣግላሊ መንፈሳት ከይተኸተለን ብዘይዝኾነ ኣድልዎን ተሳትፎ መላእ ክፍልታት ሕ/ሰብናን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ኣገዳሲ ምዃኑ ብምስትውዓል ከኣ ንኩሎም ይምልከተኒ'ዩ ዝብሉ ኣካላት ብዘይፍልልይ ኣብቲ መስርሕ ክዋስኡን እጃሞም ከበርክቱን ልባዊ መጸዋዕታ ምቕራብ ይኸውን። እዚ መጸዋዕታ'ዚ ድሮ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚ ብተደጋጋሚ ቀሪቡን ብቀጻሊ ክቐርብን'ዩ። ካብዚ ሓሊፉ በቲ መጸዋዕታ ዘይዓግቡ ኣካላት ምስ ዝርከቡ፡ ኣብዚ ዓቢ ሃገራዊ ጽንብል'ዚ ተሳቲፎን እጃምን ነፍሲ ወከፍ ደላይ ደሞክራስያዊ ለውጢ መታን ከይበኹር ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ካብ ዘለዎ ሰናይ ድሌትን ሓላፍነትን ብምብጋስ፡ በዚ ኣጋጣሚ ጻዊዒቱ የቕርብ።

*ሰላም፡* ንድሕሪት ክመልሰካ፡ ኣመራርጻ፡ ኣባላት ሃገራዊ ኲሚሽን ብኸመይ ተኻይዱ?

*ዳኒኤል፡* ብምሉእ ተሳትፎን ዕግበትን ናይ ተሳተፍቲ ከምኡውን ነጻን ርትዓውን እዩ ነይሩ። ምስ ሕሉፍ ዝተፈላለየ ተመክሮታት ብምዝማድ ክርአ እንከሎ፡ ብጣዕሚ ምዕቡሉን ደሞክራስያዊን መስርሕ ከምዝተኸተለ ብርእሰ ምትእምማን ክገልጸ ይደፍር። ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለም ዝጸንሑ፡ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም፡ ልቢ ንልቢ ተወሃሂቦም፡ ነንሕድሕዶም ተኣማሚኖም፡ ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ ክመራረጹ ምዕዛብ ንባዕሉ ዓቢ ተስፋ ዝህብ ተርእዮ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ቃልሲ ሃገርና፡ ሃብታም ተመክሮ ስለዝኾነ ክንሕበነሉን ከም ታሪኽ ክንዕቅቦን ይግባእና እዩ።

*ሰላም፡* መሰረታዊ ዕማማት ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን እንታይ እዮም?

*ዳኒኤል፡* ቀንዲ ዕማም ኤርትራዊ ሃገራዊ ኲሚሽን ንህዝቢን መላእ ሓይልታት ደሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ብሰፊሕ ጎስጕሱን ኣእሚኑን ኣለዓዒሉን ወዲቡን ብዘይዝኾነ ፍልልይን ኣድልዎን ብንጹር ረቋሒታት ናብቲ ብዙሕ ትጽቢት ዝግበረሉ ሃገራዊ ጉባኤ ንምስታፍን ምዕዋትን'ዩ። ኣብቲ ጉባኤ ኣገደስቲ ሰነዳት ብምድላው ድሕሪ ዕቱብ ልዝባትን ክትዓትን፡ ድሕሪ ምጽዳቕ፡ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ንምእላይ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ቃልሲ ዝሓሸ ኣንፈት ንምትሓዝ'ዩ።

*ሰላም፡* ኲሚሽን ኣብዚ እዋን'ዚ እንታይ ስርሓት የሰላስል ኣሎ?

*ዳኒኤል፡* ኤርትራዊ ሃገራዊ ኲሚሽን ኣብዚ እዋን'ዚ ውጽኢት ዋዕላን መዝነትን ዕማማትን ሃገራዊ ኮምሽን ንህዝቢ ንምግላጽን ንምብራህን ኣብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለም ሰፊሕን ውዕውዕን ህዝባዊ ኣኼባታት የካይድ ኣሎ። ከምኡ'ውን ሃገራዊ ጉባኤ ኣብቲ ብዙሕ ትጽቢት ዝግበረሉ ሽቶኡ ንምብጻሕ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዞባታትን ከተማታትን ንዕማማቱ ዝተሓጋገዙ ካብ ውሽጢ ህዝቢ ዝምረጹ ህዝባዊ ሽማግለታት ንምቛም ዕውትን ዘይነዓቕን ስርሓት ኣብ ምስልሳል ይርከብ። ብመሰረት ኣብ ቀዳማይ ኣኼባ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ዝተነጸረ ዕማማትን ዝወጸ መምርሒታትን ከኣ ፈጻሚ ኣካልን ሽማግለታቱን ዝተዋህቦም መደባት ስርሓት ብግቡእ የሰላስሉ ኣለዉ።

*ሰላም፡* ኤርትራዊ ሃገራዊ ኲሚሽን ምንዳፍ ቅዋም መሰጋገሪ መድረኽ ንምንታይ ኣድለየ?

*ዳኒኤል፡* ሓደ ካብቲ ኣብ ኤርትራ መሰረታዊ ሽግር ኮይኑ ዘሎ፡ ስርዓት ህግደፍ ንህዝብና ብቕዋምን ግዝኣተ ሕግን ዘይኮነስ፡ ብወለንትኡ ዘመሓድር መንግስቲ ምዃኑ'ዩ። እቲ ብፖለቲካዊ ሽማግለ ዝቐርብ ፖለቲካዊ ቻርተር፡ መሪሕ ሓሳብ (RoodMap) ብቀዳምነት ህዝብና፡ ንስርዓት ህግደፍ ኣልዩ፡ ብቕዋምን ግዝኣተ ሕግን ንኽመሓደር ዘለዎ ቅዱስ ራእይ ንምሕላን እዩ። ካብ መላእ ህዝብን ሓይልታት ደሞክራሲያዊ ለውጥን ዝቐርቡ ዝተፈላለዩ ሃነጽቲ ሓሳባት፡ ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣብ ግምት ከእቱ ከም ዝግባእ ብመምርሒ ዝተነጸረ ጉዳይ'ዩ። ሃገራዊ ሓድነትናን ሰላምናን ንምውሓስ ዝጠቕመና፡ እቲ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ህግደፍ ዝምስረት መሰጋገሪ መንግስቲ ከኣ፡ በቲ ተነዲፉ ዝጸንሐ ቅዋም ተመሪሑ ተማእዚዙ ንኽኣዱ ዝሕግዝ ሰነድ ንምድላው እዩ። እቲ ክንደፍ ዝሕሰብ ዘሎ ንድፊ ቅዋም፡ መሰጋገሪ መድረኽ ኑቶም ናይ 1958ን 1997 ቅዋማት ኤርትራን ተመክሮ ብዙሓት ሃገራትን ኣብ ግምት ዘእተወ ኰይኑ፡ ካብ ሕጂ ጀሚሩ፡ ከም ንድፊ ምድላው፡ መላእ ህዝቢን ሓይልታት

ናብ ገጽ 6 ይቕጽል

## ሓላል ኢንተርናሽናል ስቶር

ኣብ ሓላል ኢንተርናሽናል ስቶር፡ ናይ ጥብሲ ፍትፍት፡ ክትፎ፡ ጥብሲን ድሎትን፡ ብዝተመጣጠነ ዋጋ ኣዳሊናልኩም ከምዘሎና ፈሊጥኩም ዶ ኣለኹም?

ብትእዛዝ፡ ዝተፈላለየ ጸብሒ ኑዳሉ ከምዘሎና ኸ ፈሊጥኩም ዶ ኣለኹም?

*መዓስ እዚ ጥራይ፡*

በሉ ኵሉ ግዜ ቀዳመ ሰንበት፡ ምስ ስድራቤትኩም፡ ቤተሰብኩምን፡ ፈተውትኹም መጺኹም ኣገልግሎትና ተሓጎሱ፡ ተደሰቱ።

ካብ ሰዓት 10:00 ናይ ንጉሆ ቁርሲ ቀሪብና ንጽበየኩም ኣሎና።

ርሑስ በዓል ልደትን ሓድሽ ዓመትን 2011 ይግበረልኩም




ተሳታፍነት ደቀ እንስትዮ ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ

ካብ ገጽ 5 ዝቐጸለ

ደሞክራስያዊ ለውጥን ንምህብታሙ ክላዘብሉ ክጸንሑ ኣገዳሲ ብሙዃኑ እዩ።

*ሰላም፡* ተራን ሓላፍነትን ናይዘን ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ዝቘማ ዘለዋ ህዝባዊ ሽማግለታት ሃገራዊ ጉባኤ እንታይ'ዩ?

*ዳኒኤል፡*ሃገራዊ ጉባኤ ቀሊል ሃገራዊ ዕማም ኣይኮነን። ተሳትፎ፡ ምትሕግጋዝ ውሳኔን መላእ ህዝብን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ዝሓትት እዩ። ስለዚ ተራን ሓላፍነትን ናይዞም ኣብ ኣኼባታት ዝቆሙ ዘለዉ ህዝባዊ ሽማግለታት ብመሰረት ካብ ኰሚሽን ዝንጸሩ መደባትን መምርሒታትን ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ንኩሉ መዳያዊ ዕማም ስርሓትን ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ዝተሓጋገዙ ሽማግለታት'ዮም።

*ሰላም፡* ቀንዲ ረቛሒታት ናይዞም ኣብ ኣኼባታት ዝቆሙ ዘለዉ ህዝባዊ ሽማግለታት ሃገራዊ ጉባኤ እንታይ'ዩ?

*ዳኒኤል፡*እቲ ረቛሒታት ብዙሕ ምስጢር ዘለዎ ኣይኮነን። ገለ ካብቶም ወሰንቲ ረቛሒታት ከኣ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ጽኑዕ መርገጽ ዘለዎምን ኣብ ኤርትራ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ብግብሪ ዝዋስኡ ኣካላት ክኾኑ ኣለዎም። ኣብ ልዕሊ'ዚ ከኣ ብህዝቢ እምነት ዝተነበረሎምን ሃገራዊ ጉባኤ ናብ ሽቶኡ ንምብጻሕ ዘይሕለል ጻዕርታት ዘካይዱን ክኾኑ ይግባእ።ታት'ዮም።

*ሰላም፡*እዞም ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝምረጹ ዘለዉ ተሓጋገዝቲ ሽማግለታት ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ብቀጥታ ተሳተፍቲ ሃገራዊ ጉባኤ ክኾኑ ድዮም?

*ዳኒኤል፡*እዞም ኣብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለም ዝምረጹ ዘለዉ ተሓጋገዝቲ ሽማግለታት ንዕለታዊ ንጥፈታት ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ንምሕጋዝ ብእምነትን ወለንታን ንህዝብ ዝምዘዙ ኣካላት'ዮም። ኣብ ከባቢኦም ህዝቢ ወዲቦም ንመስርሕ ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ኩሉ መዳያዊ ንጡፍ ተሳትፎ ክገብሩ ዘለዉ ሽማግለታት'ዮም። እዚ ማለት ግን ብኤርትራዊ ሃገራዊ ኮም'ሽን ብቀጥታ ተሳተፍቲ ሃገራዊ ጉባኤ ክኾኑ'ዮም ዝብል ውሳኔ ዘይምህላዉ ክንሕብር ንፈቱ። ንሳቶም'ውን ከምኡ ዝኣመሰለ ሓለፋታት ዝጽበዩ ዜጋታትን ሽማግለታትን'ዮም ዝብል እምነት የብልናን። ምኽንያቱ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ረቛሒታት ተሳትፎ ሃገራዊ ጉባኤ ምዕሩይን ፍትሓውን ምእንቲ ክኸውን ብዙሕ ጥንቓቐን መጽናዕትን ዝሓትት ጉዳይ ምዃኑ ይኣምን። ካብዚ መሰረት ብምግባር ከኣ፡ ንሽማግለ ውደባ ብቑዕ ዳህሳስን መጽናዕትን ከካይድ ሓላፍነት ኣሰኪሙ ምህላዉ ይፍለጥ። እቲ ረቛሒታት ብግቡእ ምስ ተነጸረ፡ እዞም ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝምረጹ ዘለዉ ተሓጋገዝቲ ሽማግለታት፡ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ንምስታፍ በብከባቢኦም ከም ሰቦም በብውልቐ ዝወዳደሩ ጥራይ ይኾኑ።

*ሰላም፡*ሃገራዊ ጉባኤ ንመዓስን ኣበይን ክጋባእ'ዩ ተመዲቡ ዘሎ?

*ዳኒኤል፡*ሃገራዊ ጉባኤ ብድሕሪ ዓመት ወይ ዓመትን መንፈቕን ክጋባእ'ዩ ዋዕላ ወሲኑ። ብመሰረት ውሳኔ ሃገራዊ ዋዕላ ኣብ መስከረም 2011 ክጋባእ ዕቱብ ጻዕርታት ከካይድ እዩ። ሃገራዊ ጉባኤ ዝጋባኣሉ ቦታ ኣብ መባእታዊ ጉዕዞ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ክትውስን ዘኽእል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ቦታ ሃገራዊ ጉባኤ ንምውሳን ምስቲ ሰፊሕ ዝርግሐ ዜጋታትና ኣበይ ከምዝዋዕዕም፡ ንዕኡ ዘድሊ ባጀትን ቪዛን መጽናዕቲ ዝሓትት ጉዳይ'ዩ።

*ሰላም፡* ቁጽሪ ተጋባእቲ ሃገራዊ ጉባኤ ክንደይ ክኾኑ ተወሲኑ ዘሎ ኣሎ?

*ዳኒኤል፡* ካብ ተጋባእቲ ሃገራዊ ዋዕላ ዝለዓለ ቁጽሪ ክኸውን ከም ዝግባእ ዘካትዕ ጉዳይ ኣይኮነን። መባእታዊ እምነትን ሓርፋፍ ገምጋምን ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ካብ 500 ዘይውሕድ ክኸውን ከም ዘለዎ ይእምት። ኮይኑ ግን ንቁጽሪ ተጋባእቲ ሃገራዊ ጉባኤ ክትውስን ወይ ክትውስኽን ከተጉድልን ብዙሕ ነገራት ኣብ ግምት ክኣቱን መጽናዕቲ ዘድልዮን ጉዳይ ምህላዉ ክዝንጋዕ ኣይግባእን። ብውሕዱ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ካብ መላእ ህዝብን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ፈተውትን ክረኽቦ ዝኽእል ባጀት ከይፈለጠ ከሎ ቁጽሪ ተጋባእቲ ሃገራዊ ጉባኤ ክውስን ኣሸጋሪ'ዩ። ስለዚ እዚ ሕቶ'ዚ ኣብ ግዚኡ ብቁዕ ምላሽ ክወሃቦ እዩ።

*ሰላም፡* ኣመራርጻ ተሳተፍቲ ሃገራዊ ጉባኤ በየናይ ኣገባብ'ዩ ክኸውን?

*ዳኒኤል፡* ሃገራዊ ጉባኤ ረዚን ሓባራዊ ሃገራዊ ዋኒንን ዕማምን'ዩ። ስለዝኾነ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ብዘይዝኾነ ፍልልይን ኣድልዎን ተሳትፎ መላእ ክፍልታት ሕ/ሰብናን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ዘረጋግጽ ክኸውን ብኩሉ ዓቕምታቱ ክሰርሕ'ዩ። እዚ ጉዳይ'ዚ ብዙሕ ጥንቃቐን መጽናዕትን ስለ ዝሓትት ከኣ ሽማግለ ህዝባዊ ውደባ ብቁዕ ዳህሳስ ከካይድን ንድፊ ረቛሒታት ሒዙ ናብ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ብድሕሪ ምቕራቡ፡ ክጸድቕን'ዩ ተወሲኑ ዘሎ።

*ሰላም፡ ሰላም፡* ኰሚሽን ተሓታትነቱ ንመን እዩ? ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘለዎ ዝምድና ከመይ ይመስል ዝብሉን ካልእን ንዝብል ሕቶታት፡ መልሲ ኣብ ዝመጽእ ሕታም ከነቕርበልኩም ኢና።

*ሰላም፡* ኰሚሽን ተሓታትነቱ ንመን እዩ? ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘለዎ ዝምድና ከመይ ይመስል ዝብሉን ካልእን ሕቶታት፡ መልሲ ኣብ ዝመጽእ ሕታም ከነቕርበልኩም ኢና።

## መርድእ




ኣቶ ጐይትኦም ግደይ ብዝሓደሮ ሕማም ምኽንያት፡ ኣብ ትሕቲ ሕክምና ክሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ህይስተን ቴክሳስ፡ ሴንት ሉቃስ ኤፒስኰፓል ሆስፒታል፡ ብሰኑይ 27 ታሕሳስ 2010፡ ኣብ 58 ዓመቱ ዓሪፉ።

ኣብ ናይ ኤርትራውያን ቤ/ክ ተዋህዶ ደብረ እየሱስ፡ ናይ ኤርትራውያን ቤ/ክ ተዋህዶ ናይ ሓዘን ምብጻሕ ክካየድ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንሰንበት ዕለት 2 ጥሪ 2011 ሰዓት 08:00 ድሕሪ ቀትሪ ፍትሓትን ፊነወን ክግበረሉ እዩ።

ኣድራሻ፡ 11714 Dover St, Houston, TX 77031.

ቁ.ስ. 832-435-8028 ወይ 832-407-3494.